“ልቢ ወለድ ታሪኽ” !

ልቢ ወለድ ፡ （ዝኾነ ዓይነት ልቢ ወለድ） ጽቡቅ ፍርያት`ዩ ኢልና ኽንድምድሞ እንኽእል፤ ነንባቢ ልቢ ወለድ ምኽኑ ኣረሲዑ፤ ከሕዝኖ - ከስሕቆ -ከሓጉሶ - ከብክዮ ክኽእል እንኮሎ`ዩ። እቲ ዝለዓለ ደረጅኡ ከኣ ኣብ ገለ እዋን ንጻሓፊኡ ከይተረፈ ሓቂ ኮይኑ ክስመዮ እንኮሎ`ዩ።

ልቢ ወለድ ክንብል እንኮለና ፤ ንሓቂ ዝመስል ፤ ሓንጎል ሰብ ክቅበሎ ዝኽእል ፤ ግና ኣብ ባይታ ዘየለ ፈጠራ ማለትና `ዩ። እዚ ፈጠራ`ዚ ማሕበራዊ （ንኹሉ ማሕበራዊ ጉዳያት ዘንጸባርቅ） ክኸውን ይኽእል ወይ ስነ ፍልጠታዊ ፡ ንጽባሕ ልቃውንቲ ዝሓልምዎ ትጽቢታት ዘንጸባርቅ።

“ልቢ ወለድ ታሪኽ” ዝበሃል ነገር ግና የለን። ናይ ሓሶት ወይ ዝተጠምዘዘ ታሪኽ ግና ኣሎ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣይቁጸርን`ዩ።

ንናይ ሓሶት ታሪኽ ልቢ ወለድ ታሪኽ ኢልካ ምግላጽ ወይ ምስያም ፤ ቅድሚ ነቐፍቲ ስነ ጽሑፍ ፤ እቲ ሓሳዊ ጻሓፊ ንባዕሉ ምስቲ ከም ሓቂ ኮይኑ ክመሓላላፈሉ ደልዩ ዘሎ መልእኽቲ ስለ ዝጋጮ ኣይሰማማዕዓሉን`ዩ። ግና ንፍቶ ንጽላእ ናይ ሓሶት ታሪኽ ልቢ ወለድ （ፈጠራ） ምኽኑ ርግጽ`ዩ።

ኣብ ናይ ሓሶት ታሪኽ ጸሓፍቲ`ውን （ነቶም ዓያሹን ስምዒታውያንን ገዲፍካ） ኣበይ ይኹሕሉ ፡ ኣበይ ይውቁጡ ኣበይ የኽፍኡ ፡ ኣበይ የጸብቁ ፡ ኣበይ የግህዱ፡ ኣበይ ጽልግልግ የብሉ ዝፈልጡ፤ ክሳብ ነቲ ሓሶቶም ኣሚኑ ምእንቲ ሓሶቶም ዝስዋእ ሰብ ኣብ ምፍጣር ደረጃ ዝበጽሑ ኣለዉ።

ዝኾነ ኾይኑ ፡ ብሓሶት ብሓፈሻ ፡ ብፍላይ ከኣ ብናይ ሓሶት ታሪኽ ኣብ ታሪኽ ደቂ ሰባት ዝተፈጥረ ጽልእን ምቅትታልን ድሕረትን ክሳራን ...... ብዙሕ`ዩ ። ኣዚዩ ብዙሕ !

ብናይ ሓሶት ታሪኽ ኮታ ብዝኾነ ዝመሃዘልና ዝፍነወልና ሓሶት ንኸይንጥቃዕ ክንገብሮ ዘለና እንታይ`ዩ ?

- ከነጻሪ ምኽኣል።

ሓቂነቱን ዘይሓቅነቱን ዘይተረጋገጸ ዘዝሰማዕካዮ ምእማን ፤ ምድጋም፡ ምብጻሕ፤ ምስቲ “ተበየኑ“ ዘዝሰማዕኩሞ ኣይትድገሙ ኣጻርዩ ዝብል ታእዛዝ ፈጣሪና`ውን ስለ ዝጋጮ ጥንቃቐ ዘድልዮ ጉዳይ`ዩ።

- ንኸነጻሪ ከኣ ናይ ምጽራይ ናውቲ ክህልወና ኣለዎ።

- ናውቲ ምጽራይ ከኣ ፍልጠት`ዩ።

- ኣገዳሲ ምንጪ ፍልጠት ከኣ ምንባብ`ዩ።

ናይቲ ከተጻርዮ ደሊኻ ዘለኻ ጉዳይ ዝምልከት መወከሲ መጻሕፍቲ ወይ ኣድራሽኦም ኣብ ኔት ክትጥቀም ኣለካ ። ከምቲ ኣብ ዘመና ሓሶት በዝሕዎ ዘሎ መጠን ናውቲ ፍልጠትን ሓበረታን`ውን ብዙሕ`ዩ ።

ንኣብነት እቲ “ ኣስመራ ብራስ ኣሉላ`ያ ተሰርሓ” （ሰራሕታ ንሕና ኢና） ንሕና “ፈጠርቲ ፊደላት” （ግእዝ） ኢና፤ ቀለልቲ ከይመስለኩም ዝብል ከፋል “ልቢ ወለድ ታሪኽ” ናይዚ እዋን ። ................ ናይ ኣስመራ ይጽናሓልና እንተልና፤ ብዛዕባ`ቲ ንፍደላት ዝምከት ግና ሓደ መጽሓፍ ክግንጽል`የ ፡-

* ሰም`ቲ መጽሓፍ = ልሳነ ኣግዓዚ ዘእም ግርማ

** ደራሲ = መሪ / ግርማጽዮን መብራህቱ

*** ገጽ 22 “ ..........." ጉ“ ስሙ （እዚ ፊደል`ዚ） " ጉ“ ጉርም ወይ " ጉ“ ብዙጉን ኮይኑ ታሪኻዊ ኣመጻጽኡ ድማ ካብቶም ብየመን ኣቢሎም ናብ ሃገርና ዝኣተዉ ጥንታውያን ናይ ግእዝ ፊደላትና ሐደ እዩ ።

ምጽራይ ማለት ከምዚ እዩ። ብዝተረፈ ብወገነይ ፊደል ዝፈጠረ ሰብን ዘመንን`ዩ ! ታሪኽ ደቂ ሰባት ናይ ሓባር ታሪኽ`ዩ ። ታሪኽ ደቂ ሰባት ሕማቅን ጽቡቅን ዝጾረ ዝፍንፈንን ዘባሃግን ዘለዎ መምሃሪ ምኽኑ`ዩ ።ሰንኪትካ ኣይብላዕን`ዩ ። የግዳስ ንሎምን ጽባሕን ኢልና ፡ ብቕጫ - ብጽላል - ብሰላም - ብኪዳን - ብጥዕና - ብትምህርቲ - ብማይ ደቂ ሰብ ብሓፈሻ እንተሓሰብና`ዩ ዘዋጻኣና ። ንኹልና ።

AAHafiz 25/11/2022